# REFUGEES FOR CHANGE

ብምጽወታ ዝመጽእ መሰል የለን።

ክሳብ ማዓስ ኢና ንዝተጋህሱ መሰናትና ንክነኽብር ቀጻሊ ብዘይ ምቁራጽ ሰላማዊ ሰልፍታት ከነዘውትር? መን ከ”ዩ፣ ንጻዊዒታትናን ነእውያትናን ዝሰምዓና? እምበር”ከ ኣሎ ድዩ ፍትሒ? ንነዊሕ ዓመታት ምእንቲ መሰላና ንቃለስ ኔርናን ኣለናን ግን ደኺምና። ግድን ስለ ዝኾነ ድማ ንቓልስና ናህሪ ወሲኽና ንቃለስ ኣለና።

ስለምንታይ ግን ተረሲዕናን? ብሕብርናን ዲና ብድኽነትናን ተናዒቕናን?
እንታይ ድዩ ትርጉም ደሞክራሲ? ኣብ ኣፍሪቃ እንከለና ኣብ”መንጎ ደሞክራስን ዲታቶርን ዘለው ፍልልያት ኣጸቢቕና ኢና ንፈልጦም ኔርና። ሎሚ ግን ኣብ ሃገራት ማሕበር ኢሮፓ ኣብ ቀዳም ዓለም፣
ከነስተማቕሮምን ንኽንመምዮምን ምስ ጀመርና ንምምማዮም ዕቢ ጸገም ፈጥሮምልና።

ኣብ ሓጺር ግዜ ሺግራትና ንኽውድኡ ዓቢ ተስፋ ኣለና። ምኽንያቱ ኣብ ደሞክራሲ ስሮዓትት ዝኽተላ ሃገራት፣ ንሓይሊ ኣልቦምን ሓጋዚ ኣልቦምን ዝኾኑ ግዳያት መሳኪን ስደተኛታት መቐጻዕትታ ኣለው ኢልና ስለ ዘይንኣም ድማ ኢና።

ናብታ መሰል ስደተኛታት ዘይ”ተኽብር ሕጊ ኣልባ ዝኾነት ሃገረ ጥልያን፣ ንስደተኛታት ብሓይሊ እንዳ ተጠቐምካ ዳግማይ ናብ ጋሃነም ጥልያን ምምላስ ደው ንኽብል ብትሪ ንቃወምን ንኹንን።

ነዚ ቴማታት”ዚ ከም ኣርእስቲ ጌርና፣ ንሰላማዊ ሰልፊ ተዳሊና ኣለና።
ሰለማዊ ሰልፊ ዝብገሰሉ ካብ”ቲ ልሙድ ቦታ ካብ
Bahnhof Frankfurt እዩ።
ቀዳም ዕለት 07/06/2014
ሳዓት 15፣00 ድሕሪ ቀትሪ።
ንምሉእ ሓበረታታት በዞም ቁጽርታት ተወከሱ። 015215829842። 015215429475። 015217811059።
refugees for change
ብዝብል መጸውዒ ኣብ face book ሓድሽ account ከፊና ድማ ኣለና።
ኮሚተ ስደተኛታት ንለውጢ
ብድሓን ምጹ።